ቤት ፍርዲ ወረዳ ኦፍላ ከይዲ ሰራሕ ዕደጋ ፋይናንስ ንብረት ምምሕዳርን ኣብ 2011ዓ/ም በጀት ዓመት ንቤት ፍርዲ ወረዳ ኦፈላን ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረምን ግልጋሎት ዝውዕል ካብዚ ሎት 1 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ሎት 2 ዝተፈላለዩ ናይ ሕትመት ስራሕቱ፣ ሎት 3 ዝተፈላለዩ ናይ ፅሬት ኣቁሑት፣ሎት 4 ዝተፈላለዩ ኮምፒዩተርን ተዛመድትን ኣቑሑት ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 2, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 16, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 17, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ካብ ሎት 1-4 ዘሎ በብዘርፉ ናይ 2010ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ፣ናይ ቫት ተመዝጋቢ ምኻኑ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል፣ናይ 2010 ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት ዘለዎም፣ ቲን ናምበር ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ሰርቲፊኬት ከቕርቡ ዝኽእሉ

2 ንሕድሕድ ሎት ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ቕርሺ) ብጥረ ገንዘብ በባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ቼክ ጥራሕ ከትሕዝ ዝኽእል

3 ናይ ውዕሊ መኽበሪ ካብቲ ዘሸነፎ ጠቕላላ ዋጋ 10% ፣ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ቼክ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ከትሕዝ ዝኽእል

4 ዝወዳደሩ መቅረብቲ መሸነፉይ ምኼኖም ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል

5 እቲ ዋጋ ጨረታ ካብ ዝኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን30 ተኽታታሊ መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ

6 እቲ ሰነድ ጨረታ ብዘይ ስርዝ ድልዝ ክምላእ ኣለዎ ኮይኑ ግና ንምንባብ ዘየፀግም ስርዝ ድርዝ እንትህልዩዎም ናይ መቅረባይ ፊርማ አብ ጎድኑ(ብልዕሊኡ) ክግበር ኣለዎ።

7 ነቲ ጨረታ ከዛብዕ ዝፈተነ ካብ ጨረታ ይስረዝ ንቀፃሊ ኣብ ዝወፅአ ጨረታ ንከይሳተፍ ንክልል ሰርኩላር ይፃሓፈሉ ዘትሐዞ ቢድ ቦንድ (መኽበሪ ጨረታ) ይውረስ

8 ጨረታ ምስ ተኽፈተ ካብ ጨረታ ንዓርስካ ምግላል ኣይፍቀድን

9 ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ናይ በዓል ዋና ሽም፣ፊርማ፣ኣድራሻን ማሕተምን ክህልዎ ኣለዎ።

10 ሰነድ ጨረታ ኦርጅናልን ኮፒን ተባሂሉ ነንበይኑ ብዝተዓሸገ 2ተ ፖስታ ከቕርብ ኣለዎ።

11 ኣሸነፍቲ ዝኾኑ እቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርትን መፅዒኒን መራገፊን ሓዊሱ አብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኦፍላን ከተማ ኮረምን የረክብ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ናይ ጨረታ ዝርዝር ሰነድ ካብ ንኡስ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ርን ብምምፃእ ንሕድሕድ ሎት ዘይምለስ 20(ዒስራ ብር) ብምክፋል ካብ ዕለት 02/02/2011ዓ/ም -16/02/2011 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ሰዓት እቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ምውሳድ ዝከኣል ኮይኑ እቲ ጨረታ ዕለት 16/02/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9:00 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ኦፍላ ይኽፈት።

13 ቤት ዕዮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡእቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle